# ሓጺር ዜና ሃገራዊ ዋዕላ

## 10ይ መዓልቲ ሃገራዊ ጉባኤ










ኣማራጺት ሽማግለ ትማሊ ማለት ዕለት 29 ሒዳር 2011 ስራሓ ምስ ጀመረት ንኣቃውማ መሪሕነትን ኣመሳስሕ እተን 127 መናብር ብዝምልከት ምስኩሉ ሸነኻት ጽዑቅ ምይይጥን ልዝብን ኣካይዳ። ናይ ዝተፍለለዩ ሸነኻት ዕግበታት ምሉእ ብሙሉእ ክተማልእ ዘይከኣል እኳ እንተኾነ፡ ማእከላይ ንኹሉ ቁቡል ዝኾነ መፍትሒ መካኒዝም ኣብ ምንዳይ ተሪር ጻዕሪ ተኻዪዱ። ካብ 34 ውድባትን 25 ሲቪካዊ ማሕበራትን ንላዕሊ፡ ከምኡእውን እቶም በብሸነኾም ተመሪጽም ዝተሳተፉ ዝጠርነፈ ጉባኤ፡ ዘሳኒ መካኒዝም ምፍጣር ቀሊል ኣይኮነን። በዚ መሰረት እዚ ዕማም ንኣማራጺትሽማግለ ግድል እዩ ነይሩ። ኣብ ልዕሊ እዚ ሕበረተ-ሰብኣዊ ክውንነት ኤርትራ ዘንጸባርቕን፡ ተሳትፎ ደቀ-ኣንስትዮን መንእሰያትን ብዝከኣል መጠን እንተወሓደ በብ 20 ካብ ሚእቲ ክወከል፡ ዝተፈላልየ መካኒዝም ተፈቲኑ። እቲ ዝተረረ ክትዓትን ግዜን ድማ ነዚ መካኒዝም ምስ ደሞክራሲያዊ ብዘየራጽም ንምትግባሩ ዘይተፈንቀለ ርእይቶ ኣይነብረን፡ ከምባህሪ ጉባኤ ድማ ጸጸንሑ ስምዒታት የሳዕርር ነይሩ።

ድሕሪ ሓደ መዓልትን ፈረቓን ዝወሰደ ክትዓት፡ ጉባኤኛታት በብዝተወከሉሉ ኣህጉራዊ ኣመጻጽኣን ኣወካክላን 52% ንውደባት (ኣብ ኪዳን ዘላዋን ዋጻኢ ካብ ኪዳንን) እዚ ደማ 66 መናብር ክውከላ፡ ሲቪካዊ ማሕበራትን ነንዝነብሩሉ ቦታታት ወኪሎም ዝመጽኡ ተሳተፍቲ 48% ማለት 61 መናብር ይሰላዕ ኣብ ዝብል ስምምዕ ተበጺሑ። ብዘይካ ውድባት ካልኦት ሸነኻት ዕለት 30 ሕዳር ድሕሪ ቀትሪ ወከልቶ መሪጾም።

ተሳተፍቲ ጉባኤ ድማ ድሮ ታሕጓሶም ብእልልታን ሳዕስዒተን ክገልጹ ጀሚሮም ኣለዉ።